# ሓጸርቲ ዜናታት

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 25.07.2009

1. ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 2009 ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ናይ ጸጥታ ትካላት ንዓብደልዓዚዝ መሓመድ ዓሊ ዘርኦም እተባህለ፡ ኣካየዲ ሃይምኖታዊ ትካል (institution) ኣብ ክተማ ዋዝንተት፡ ኣውራጃ ሰንሒት፡ ካብ መዓርፎ ነፈርቲ ኣሲሮም ከምዝወሰድዎን ክሳብ ሕጂ ሃለዋቱ ፍሉጥ ከምዘየለ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሮም።

2. ብ9 ሓምለ 2009 ሓይልታት ጸጥታ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ዝሃደሙ ወተሃደራት'ቲ ስርዓት ተኹሲ ከፊቶም፡ 5 ክሞቱ እንከለዉ፤ 11 ድማ ተታሒዞም። እቶም ዝተረፉ ግን፡ ከምዘምለጡን ጸጥታ'ቲ ስርዓት ይከታተሎም ምህላዉን ተፈሊጡ ኣሎ።